# ፍሉይ ሕታም

ዋላ ሓንቲ፡ ስክፍታ ኣይነበረናን. . . ናይ ብሓቂ፡ ነጻ ዝኾንና እናኣሽቱ
ነብሲታት ኢና ዝነበርና።


---

# የእዱግ ኢዮም ክብሉና ጸኒሖም።

# ቴክኒካዊ ዛዕባ

**ሓድሽ ዓመት፡ 2017**
**2ይ ክፋል / ኮሜዲ ባዶ ሰለስተ**

***መሰጋገሪ***
***ከመይ ቀኒኹም።***

**የእዱግ ኢዮም ክብሉና ጸኒሖም፡ ቴክኒካዊ ዛዕባ፡ ፍሉይ ሕታም፡ ሓድሽ ዓመት፡ 2017፡ 2ይ ክፋል/ ነጥቢ ሓደ . . . / ነጥቢ ክልተ፡ ተኸታቲልና። ግርም፡ ቀጺልና 2ይ ክፋል / ኮሜዲ ባዶ ሰለስተ ክንምልከት ኢና። ኣብዚ ናይ ሎሚ ክልተ ፊልምታት ኮሜዲ ሒዘልኩም መጺአ ኣለኹ።**

**ኣብዚ ደኩመንት ዘለዉ ኣርእስትታት**

**1.1 ኮሜዲ ቻርለስ ቻፕሊን።**
**1.2 ኮሜዲ እንዳ 72።**
**1.3 ቆርቆሮ እንዳ ናፍታ ናይ ትራክ፡ ኣብ J85-GE-21 እንታይ ኣግነዮ?**
**1.4 ጀት ፊወል፡ ኣብ ተዋጋኢት ጀት ኣበይ ይቕመጥ?**
**1.5 ባዕሉ ዝላሓም ጀሪካን ጀት ፊወል።**

# 1.1 ኮሜዲ ቻርለስ ቻፕሊን።



ፎቶ 1 Charles Chaplin in Modern Times

ሻለቃ በዛብህ ጴጥሮስ፡ ኣብ ኤርትራ ካልኣይ ግዜ ተማሪኹ ዝብል ስለያዊ ስርሒት፡ ከም ብሓቂ ዝተፈጸመ ተረኽቦ፡ ንህዝቢ ኤርትራ ንኽእምኑ፡ እንዳ 72 ዝተዋስእዎ ኮሜዲ ከርእየኩም ኢየ። እቲ ኮሜዲ እንዳ 72፡ ብጠፋዕ ጠፋዕ ዝቖመ ቆርቆሮ እንዳ ናፍታ ናይ ትራክ ምስ ዘመናዊ ጀት ኤንጅን ኣተኣሳሲሩ ዘርኢ፡ ጉዳም ዝኾነ ኮሜዲ ኢዩ። እቲ ጉዳም ኮሜዲ እንዳ 72፡ ካልእ ፋኒ ዝኾነት ፊልም ኮሜዲ ኣዘኻኺሩኒ።

እታ ፊልም ኣርእስታ፡ Charles Chaplin in Modern Times ዝብል'ዩ። ፎቶ 1። እታ ፊልም፡ "Modern Times": A Story of industry, of individual interprise - humanity crusading in the pursuit of happiness. ዝብል መእትዊ ይርከባ። ብሓፈሽኡ እታ ኮሜዲ: ንደቂ

ሰባት ደስታ ከምጽኣሎም ዝተገመተ ጠገለ ዘይብሉ፡ ዘመናዊ ቴክኖሎጂ፡ ብግምጥልሹ ኣብ ልዕሊ ደቂ ሰባት ዘይተኣደነ ኣሽካዕላል ከወርድ ከሎ ተርእየና።



[ፎቶ 2] ብጠገለ ዘይብሉ ዘመናዊ ቴክኖሎጂ፡ ልዕሊ ዓቕሞም ዝተመጠጡ ሸቃሎ፡ ኣብ ሞደርን ታይምስ። ቻርለስ ቻፕሊን፡ 2ይ ካብ ጸጋም'ዩ ዘሎ'ዩ።

Modern Times፡ ምስቲ ኮሜዲ ኣልግብ ኣቢላ፡ ነቲ ደርባዊ ግርጭት ኣብ መንጎ ላዕለዋይን ታሕተዋይን ደርብታት ተርእየና። ኣብታ ፊልም፡ ክቱር ሃርገፍገፍ ርእሰ ማላውያን፡ ኣብ ልዕሊ ሸቃሎ ናይ ሓደ ፋብሪካ ዘስዕቦ ፋኒ ዝኾነ ተብተባት ተርእየና። [ፎቶ 2]። ኣብታ ኮሜዲ፡ ናይቲ ፋብሪካ ሸቃሎ፡ ምስ ሓደ ጠገለ ዘይብሉ ኣዚዩ ፈጣን ዝኾነ ማሺን ናይ ዘመናዊ ቴክኖሎጂ፡ ብዓቕሚ ማዕሪኡ ምኻድ ሓርቢትዎም፡ ምትዕጽጻፍ ክስእኑ ከለዉ ንርኢ። ኣናእሽቱ ደቀ'ስመራ ኮለና፡ ኣብ YMCA ኣስመራ ዝራኣናያ ፊልም ናይ ቻርለስ ቻፕሊን ኢያ ዘዘንትወልኩም ዘለኹ።


ኣብቲ ናይ ሽዑ መዋእል ንእስነትና፡ ንሕና እቶም ሓሸኻ ደቀ'ስመራ ይርዳኣና ኔሩ፡ ኣይብልን'የ ትርጉም ናይ ደርባዊ ግርጭት። ናይ ሃርጋፋን ንጉሰ ንገስት ኢሳያስ ኣፈወርቂ፡ ኣብ መንገድና ኮነ ኣብ ቀልብና ፈጺሙ ኣይነበረን። ዋላ ሓንቲ፡ ስክፍታ ኣይነበረናን . . . ናይ ብሓቂ፡ ነጻ ዝኾንና እናኣሸቱ ነብሲታት ኢና ዝነበርና። ከምዚ ሎሚ ከይኮነ፡ መሳኪን ቆልዑት ኤርትራ፡ ካብ ኣባይቶም ተተምዝሒቖም ንበረኻ።

ክቡር ኣቶ ቻርለስ ቻፕሊን፡ ብሰሪ'ቲ ኣብ ፊልምታቶም ወትሩ ዘንጸባርቖዎ ዝነበሩ፡ ትሕዝቶታት ናይ ደርባዊ ግርጭትታት ኣብ መንጎ ወጻዕን ተወጻዕን፡ በቶም ናይ ኣሜሪካ ናይ ካፒታሊዝም ኤሊታት ስለዝተኾነኑ፡ ኣሜርካ ለቒቖም፡ ናብ ኤውሮጳ ንስደት ኣምርሑ። ናብ ኣሜርካ ከይተምልሱ ድማኒ ኣብ ስደት፡ ኣብ ስዊዘርላንድ፡ ኣብ ዲሰምበር 25፡ 1975 ካብዛ ዓለም ብሞት ተፈልዩ።

እታ ኮሜዲ ናይ ቻርለስ፡ ብሕጽር ዝበለ ምርኢት ርኢናያ። ካብዚ ቀጺሉ ኮሜዲ እንዳ 72 ባዕልኹም ክትርእይዎ፡ ናብ ከባቢ ኣየርፖርት ኣስመራ ሒዘኩም ክኸይድ'የ።

## <u>1.2 ኮሜዲ እንዳ 72</u>።

ብኣንጻር ዝራኣናዮ ናይ ቻርለስ ቻፕሊን ኮሜዲ ማለት ቴክኖሎጂ ተጻርሮ ኣዳማውቲ፡ ናይ እንዳ 72 ኮሜዲ፡ ሰባት ተጻርሮ ቴክኖሎጂ ክንዕዘብ ኢና። ከምዚ ኣብ ታሕቲ ቀሪቡ ዘሎ ፎቶ ኢንፎርመሽን፡ ብኣተሓሳስብኦም ጠገለ ዘይብሎም እንዳ 72፡ ንሓደ ናይ ኣሜሪካ ትካል ዘፍረዮ፡ ብባህሪኡ ፐርፈክት ክኸውን ዝግብኦ ዘመናዊ ቴክኖሎጂ ናይ ጀት ኤንጅን ብዘይኣገባብ ብእዝኑ ከንጠልጥልዎ ከለዉ ንተዓዘብ።





**ፎቶ 3**
**ባዓድውያን ኣካላት ኣብ J86-GE-21።**

**ኣብዚ ፎቶ ዘለው፡ 1. ብክቢ ተምልኪቱ ዘሎ፡ ናይ እንዳ ናፍታ፡ ኤለክትሮኒካዊ ኣካልን መጻዪ ቱቦን መስኩዒ ኣካል ከምኡ'ውን 3. መኽደን መምልኢ ናፍታ (Fuel Filling Cap) ምስቶም ኣብ ፎቶ 4 ወይ ፎቶ 5 ዘለው ኣካላት እንዳ ናፍታ ኣነጻጽርዎም።**




ፎቶ 4 እንዳ ናፍታ ናይ ትራክ



ፎቶ 5 እንዳ ናፍታ ናይ ትራክ

**እንዳ ናፍታ ናይ ትራክ። እንዳ 72፡ ኣብ የማናይ ጎኒ ናይ J85-GE-21፡ ኣልግብ ዘበልዎ ቆርቆሮ እንዳ ናፍታ፡ ከይተተርብዐ ከሎ ከመይ ይመስል ከምዝነበረ፡ ዘርእዩ ኣብነታውያን ኣሳእል።**

## 1.3 ቆርቆሮ እንዳ ናፍታ ናይ ትራክ፡ኣብ J85-GE-21 እንታይ ኣግነዮ?

ብጣዕሚ ዘገርም'ዩ፡ ስርሖም ዘበለ እንዳ 72። ቆርቆሮ እንዳ ናፍታ፡ ኣብ ጀት ኤንጅን እንታይ ክገብር መጺኡ? ከምቲ ኣብ ሞደርን ታይምስ፡ ሽቃሎ ኣብ ጎኒ ኮንቨይር በልት ተሰሪዖም፡ ነቲ ሽኮርተት እናበለ ዝመጾም ሓጺነ መጺን፡ ብዘይልቦም ጠፋዕ ጠፋዕ ከብልዎ ከለዉ ንዕዘቦም፡ ኣብዚ ኮሜዲ እንዳ 72፡ እቶም ኣባላት ስለያ ንሓደ ገረወኛ ጠፋዕ ጠፋዕ ኣቢሎም ናብ ቆርቆሮ ድሕሪ ምቕያር፡ ኣብ ጎኒ J85-GE-21 ኣልግብ ኣቢሎሞ ከምዘለዉ ንዕዘቦም። ኣባላት እንዳ 72፡ ከም ቻርለስ ቻፕሊን፡ ፕሮፌሽናል ኣክተራት ኣይኮኑን። ስፓይ ማስተርስ ኢ.ልካ ክትጽውዖም'ውን የጸግም። ከመይ'ሲ ኣተሓሳስብኦም ክትመዝኖ ኮለኻ ጠገለ ዘይብሎም ኮይኖም ይጸንሑኻ።

ኣብ ታሕቲ ይቕጽል . . .



[ፎቶ 6](#) ከም መንገዳ ናይ ዝሰወደ ዝራብዕ፡ ኳዕኒኑ ዝርአ ባዕዳዊ ቆርቆሮ ኣብ J85-GE-21።

## ስርሒት ቆርቆሮ እንዳ 72።

1. መጀመርታ እንዳ 72፡ እንዳ ናፍታ ናይ ትራክ፡ ካብ ትራክ ኣውሪዶም፡ ነቲ እንዳ ናፍታ ንስርሒት ከምዝዳሎ ገበሩ።

2. ነቲ እንዳ ናፍታ ካብ ላዕሊ ንታሕቲ፡ ብመቑረጫ ሓጺን ተርቢዖሞ።

3. ድሓር ነቲ እንዳ ናፍታ፡ ጀሪካናዊ ቅርጺ ንኽጥፍእ፡ ብማርቴሎ ሃራሪሞ ጽፍሕፍሕ ዝበለ ቆርቆሮ ከምዝኸውን ገበርዎ።

4. ጽፍሕፍሕ ዝበለ ቆርቆሮ፡ ኣብ የማናይ ጎኒ J85-GE-21 ኣልግብ ኣቢሎም ቪድዮ ኣልዓልዎ።

ኣብ [ፎቶ 6](#) ንርእዮ ዘሎና፡ ብቐይሕ ለዋይ ሕንጻጽ ጎሊሑ ዝረአ ዘሎ፡ ኣብ ጎኒ J85-GE-21 ልግብ ኢሉ ዘሎ ባዕዳዊ ቆርቆሮ ከምኡ'ውን

መኸደን መምልኢ ናፍታ (Fuel Filling  Cap)፡ PHYSICAL PROOF ናይ ህላውነት ሽፈጣዊ ስራሕ (Fake Job) ስራሕ እንዳ 72 ኢዩ።

ካብዚ ብጠፋዕ ጠፋዕ ዝቕመ ቆርቆሮ፡ እንዳ 72 ንባዕላቶም ፍጹም ኣመት ቴክኖሎጂ ከምዘይብሎም ኢና ንዕዘብ። ዝበኣሰ ግን እንዳ 72፡ ንህዝቢ ኤርትራ ፈጺሙ ክሓስብ ዘይክእል ገረወኛ ጌሮም ስለዝቖጽርዎ፡ ቆርቆሮ ተጠቒሞም ኢዮም ነቲ ሽፈጣዊ ስራሕ ናይ ምድንጋር ዘካይድዎ። ሓቃቶም ከኣ'ዮም፡ ንህዝቢ ኤርትራ ገረወኛ ጌሮም ክቖጹርዎ። ዑብታታት፡ ዝበሉ እንተበሉ፡ ክሳብ ሕጂ ዝኣምኖም ሰብ ስኢኖም ኣይፈልጡን'ዮም። ኣሃእ! . . . ስጋኻ'ለ ሓወይ ጌረሱስ! . . . ኮማንዶ፡ ኣብ ውሽጢ ኣየርፖርት ኣስመራ ኣቲዮም፡ ብባዙቃታት 30 ነፈርቲ ሓምሺሾም. . . ኣስዕብ ኣቢሎም ድሕሪ ክልተ ዓመት ኣብ 1986፡ ሕጂ ድማኒ ካልእ ዜና፡ ኮማንዶ 40 ነፈርቲ ሓምሺሾም። ናይ ሓወይ ጌረሱስ ዑብታታት፡ ካብዚ ዝተዓዘብናዮ ናይ ቆርቆሮ ጠገለ ዘይብሉ ሽፈጥ ዝፍለ ኣይኮነን። ንሓወይ ጌረሱስ ገዲፍና፡ ደቀባተይ ናብ ቴክኖሎጂና ንመለስ።

## 1.4 ጀት ፊወል፡ ኣብ ተዋጋኢት ጀት ኣበይ ይቕመጥ?

ካብዚ ቀጺሉ ጀት ፊወል፡ ኣብ ተዋጋኢት ጀት ኣበይ ከምዝቕመጥ ክርእይየኩም ኢየ።

1. ጀት ፊወል፡ ከም ናይ መካይን ኣብ እንዳ ናፍታ ናይ ትራክ ወይ ኣብ ሓደ በርሚል ኣይቕመጥን'ዩ። ጀት ፊወል፡ ንሰይፍቲ ኣብ ብዙሓት ነንኣሽቱ ጀሪካናት ኢዩ ዝቕመጥ።

2. እዞም ነንኣሽቱ ጀሪካናት ናይ ጀት ፊወል፡ ካብቲ እቶን ዝኾነ ካምባስሽን ቻምበር ብግቡእ ምሕድግ ክብሉ ኣለዎም። ፎቶ 7።

3. ጀት ፊወል፡ ብቐጠንቲ ናይ ኣሉሚኒዩም ቱቦታት ጌሩ፡ ካብቶም ምሕድግ ዝበሉ ነንእሽቱ ጀሪካናት ናብ ውሽጢ ካምባስሽን ቻምበር ብምብጻሕ፡ ኣብ ካምባስሽን ቻምበር ምስ ኣየር ተሓዋዊሱ ከምዝቃጸል ይግበር።

ጀት ፊወል፡ ብተመሳሳሊ ኣገባብ ካብቶም ነንእሸቱ ጀሪካናት፡ ብቐጠንቲ ናይ ኣሉሚኒዩም ቱቦታት ጌሩ ናብ ሪኪያሞ ናይ ኣፍተርበርነር ብምብጻሕ፡ ኣብ ኣፍተርበርነር ይቃጸል። (ቴክኒካዊ ዛዕባ 2ይ ክፋል / ነጥቢ ክልተ፡ ብዛዕባ ኣፍተርንበርነርን ሪኪያሞን ተወከስ)።




ፎቶ 7 ጀት ፊወል፡ ኣብ ብዙሓት ነንኣሽቱ ዝተፈላለዩ ጀሪካናት ኢዩ ዝቕመጥ።

## 1.5 ባዕሉ ዝላሓም ጀሪካን ጀት ፊወል።


እዞም ቀያሕቲ ነንኣሽቱ ጀሪካናት ናይ ጀት ፊወል፡ እታ ተዋጋኢት ጀት እናደብደበት ከላ፡ ብናይ ጸላኢ ናይ ጸረ ነፈርቲ ዶሽካ ጠያይቲ ተሃሪሞም እንተተበሲያም፡ እቶም ዝተበስዑ ጀሪካናት፡ ባዕላቶም ነቶም ነኻላት ይዓብስዎም እሞኒ ነቶም ትኒኒን ኢሎም ክካዓዉ ዝጀመሩ ጀት ፊወል ቅጽበታዊ ደው ከምዝብሉ ይገብርዎም። ከምዚ ዓይነት ጀሪካን፡ ባዕሉ ዝላሓም ጀሪካን ወይም SELF SEALING TANK ተባሂሉ ይጽዋዕ።

ባዕሎም ዝላሓሙ ጀሪካናት፡ መናድቖም ካብ ሜታልስ (Metals) ዘይኮነስ ካብ ቀጸላታት ናይ ጎማታትን ዓለባን ኢዮም ዝፍብረኹ።

<u>1ይ ቀጸላ፡ ርቕቕ ዝበለ ድሩኽ ዝኾነ ጎማ ኢዩ።</u> [ፎቶ 8](#)።
እዚ ድሩኽ ዝኾነ ጎማ፡ ከምቲ ንቡር፡ ነቲ ጀት ፊወል ዘዕቁር ኮንተይነር ኢዩ።

<u>2ይ ቀጸላ፡ ሮጕድ፡ ሓውሲ ልምልም ዝበለ፡ ስፐሽል ፎኾኽታዊ ጎማ ኢዩ።</u>
እዚ ስፐሺያል ፎኾኽታዊ ጎማ፡ ብጀት ፊወል እንድሕሪ ጠልቂዩ፡ ቅጽበትዊ ፎኾኽ ኢሉ ዝንፋሕ ዓይነት ጎማ ኢዩ።

<u>3ይ ቀጸላ፡ ካብ ዓለባታት ዝተሰርሐ፡ ትርር ዝበለ ደርዒ ኢዩ።</u>
ነቲ ሓውሲ ልምልም ዝበለ ስፐሺያል ፎኾኽታዊ ጎማ ናይ 2ይ ቀጸላ፡ ከም ቺሮቶ (Scotch Tape) ኣብ ቦትኡ ጸቒጡ ዝሕዝ ትርር ዝበለ፡ ካብ ዓለባ ዝተሰሐ ደርዒ'ዩ።




[ፎቶ 8](#) <u>ቀጸላታት፡ ባዕሉ ዝላሓም ጀሪካን</u>።

<u>1ይ ቀጸላ፡ ድሩኽ ዝኾነ ጎማ</u>
ጀት ፊወል ዘዕቁር ኮንተይነር።


<u>2ይ ቀጸላ፡ ስፐሽል ፎኾኽታዊ ጎማ</u>
ብጀት ፊወል እንድሕሪ ጠልቂዩ፡ ቅጽበትዊ ፎኾኽ ኢሉ ዝንፋሕ ጎማ።

<u>3ይ ካብ ዓለባ ዝተሰርሐ ደርዒ</u>
ነቲ ሓውሲ ልምልም ዝበለ ስፐሺያል ፎኾኽታዊ ጎማ ናይ 2ይ ቀጸላ፡ ኣብ ቦትኡ ጸቒጡ ዝሕዝ፡ ትርር ዝበለ ደርዒ ኢዩ።


**መናድቕ ጀሪካን፡ ብጠያይቲ ናይ ዶሽካ እንተተበሲዑ፡ ጀት ፊወል ተኻዕዩ ነቲ ፎኾኽታዊ ጎማ ምስኣጠልቐዮ፡ እቲ ፎኾኽታዊ ጎማ ቅጽበታዊ ፎኾኽ ኢሉ፡ ተነፊሑ ነቶም ዝተበስዑ ነኹላት ባዕሉ ከምዝዕበሱ ይገብሮም እሞኒ ነታ ጀት ካብ ምኽዓዋት ጀት ፊወል ክመጻ ዝኽእል ናይ ባርዓት ሓደጋ ከምትድሕን ይገብራ ወይ ሞቶረታት ጀት ፊወል ወዲኦም ጠጠው ከይብሉ የድሕኖም። መስርሕ ምልሓም ንምዕዛብ፡ [ፎቶ 9፡ ስእሊ 1፡ 2፡ 3፡ 4] ተመልከቱ።**




[ስእሊ 1] ጀሪካን፡ ብጠይት ዶሽካ ይብሳዕ።



[ስእሊ 2] ጀት ፊወል ብብሳዕ ክፈስስ ይጅምር።



ስእሊ 1 ጀት ፊወል ፈሲሱ፡ ነቲ ስፐሺያል ፎኾኽታዊ ጎማ ከጠልቅዮ ይጅምር። ዝጠልቀየ ስፐሺያል ፎኾኽታዊ ጎማ፡ ቅጽበታዊ ፎኾኽ ኢሉ ክንፋሕ ይጅምር።



ስእሊ 4 ስፐሺያል ፎኾኽታዊ ጎማ፡ ፎኾኽ ኢሉ፡ ነቲ ብሳዕ ምሉእ ብምሉእ ይዓብሶ።

**ፎቶ 9 ባዕሉ ዝላሓም ጀሪካን (SELF SEALING TANK) ኣብ መስርሕ ምልሓም ብሳዕ ጀሪካን።**

እዞም ዝስዕቡ ፎቶታት፡ ናይ ጀት ፊወል መመልኢ ፖርት፡ ኣብ ተዋጋኢት ጀት ዘርእዩ ፎቶታት ኢዮም።







**ፎቶ 10 (ላዕለዋይ)፡ ፎቶ 11 (ታሕታይ) ምስኳዕ ኣምላኢ ኖዝል፡ ናብ ተቐባሊ ኖዝል።**

<u>ምምላእ ጀት ፊወል፡ ኣብ ተዋጋእቲ ጀታት</u>።

1. ኣብ ተዋጋእቲ ጀታት፡ ምምላእ ጀት ፊወል ኤልክትሮኒካዊ ኢዩ። <u>ፎቶ 10፡ 11፡ 12</u>።

2. ናይ ጀት ፊወል ኣምላኢ ኖዝል፡ ናብ ተቐባሊ ኖዝል ናይ ተዋኢት ጀት ትስኩዖ። ኣምላኢ ኖዝል፡ ክልተ ኣኻራን ብምጽ ቃጥ ምስ ተቐባሊ ኖዝል ገጥ ኢሉ ከምዝገጥም ተገብሮ።

3. ድሕሪ ምግጣም፡ ኤለክት ሮኒካዊ መላኢ መልጎም ኦን ትገብሮ።


4. ኩሎም ጀሪካናት ጀት ፊወል ምስ መልኡ፡ መላኢ መልጎም ብኣውቶማቲክ ኦፍ ይኸውን።

5. ምምልእ ምስተወድአ፡ ክልተ ኣኻራን ብምጽቃጥ፡ መላኢ ኖዝል ካብ ተቐባሊ ኖዝል ተላቐቖ።



<u>ፎቶ 12</u> ምስኳዕ ኣምላኢ ኖዝል፡ ናብ ተቐባሊ ኖዝል።

ኣብ ታሕቲ ይቕጽል . . .




[ፎቶ 13](#) እንዳ 72 ጠገለ ዘይብሎም ሰባት ምኻኖም ካበዚ ቀሪቡ ዘሎ ዲያግራም ክንዕዘቦም ንኽእል። ኣብቲ እቶን ዝኾነ ካምባስሽን ቻምበር፡ መምልኢ ናፍታ'ስ እንታይ ኣግነዮ?

**ከምቲ ስርሒት ናይ እንዳ 72፡ ብጠፋዕ ጠፋዕ ዝቖመ ቀርቀሮ፡ ኣብ J86-GE-21 ኣልግብ ምባል ከምኡ'ውን ህላወ መኽደን መምልኢ ናፍታ ኣብቲ እቶን ዝኾነ ቆፎ ካምባስሽን ቻምበር፡ ምስ ወድዒ ሞቶረ ጀት ፈጺሞም ዘይቃደዉ ኢዮም። ካምባስሽን ቻምበር፡ ጀት ፊወል ምስ ኣየር ተሓዋዊሶም፡ ዝቃጸልሉ ቆፎ ኢዩ። ጀት ፊወልን ኣየርን ኣብ ካምባስሽን ቻምበር ምስተቓጸሉ፡ High Pressure of Hot Gases ይፍጠሩ። [ፎቶ 13](#)።**

**እዞም High Pressure of Hot Gases፡ በቲ ኣብ ድሕሪት ሞቶረ ዘሎ ቱቦ መውጽኢ ሓይሊ ቃጸሎ (EXHAUST NOZZLE)፡ ብጻዕቂ ክወጹ ከለዉ ድፍኢት ፈጢሮም፡ ነታ ጀት ንቕድሚት ከምትውርወር ይገብርዋ። ኣብ ፊዝክስ፡ እዞም ብድሕሪት ሞቶረ ዝወጹ ውዑይ**

ጋዛት፡ ዘስዕብዎ ነታ ጀት ንቕድሚት ናይ ምውርዋር ሓይሊ፡ ናይ ኒውቶን፡ 3ይ ሕጊ ናይ ምንቅስቓስ ተባሂሉ ይጽዋዕ።




ዲያግራም 14 ናይ ኒውቶን፡ 3ይ ሕጊ ናይ ምንቅስቓስ

ኣብቲ High Pressure of Hot Gases ዝፍጠረሉ፡ እቶን ዝኾነ ካምባስሽን ቻምበር፡ መምልኢ ናፍታ ክህሉ ፈጺሙ ኢተግባራዊ ኢዩ። እወ፡ ኢሳያስ ኣፈወርቂ ኣብ ሳሕል ዘሰልጠኖም ኣባላት እንዳ 72፡ ኣብ ወጻኢ ሃገራት፡ ንኤርትራውያን ወይ ንመራሕቲ ናይ ተቓውሞ ውድባት ናይ ኤርትራ ተጻናቲኻ፡ ከመይ ጌርካ ከምትቐትሎም ልዑል ፍልጠት ዘለዎም ኢዮም። ኮይኑ ግን እቶም ኣባላት ስለያ፡ ኣብ ካምባስሽን ቻምበር ናይ J86-GE-21፡ ኣልግብ ኣቢሎሞ ዘሎ ዘለዉ ቆርቆሮን መኽደን መምልኢ ናፍታን፡ ናይ ጀት ኤንጅን ሲስተም ፈጺሞም ዘይፈልጡ ደናቁር ምዃኖም የመልክት።

ኣብ ታሕቲ ይቕጽል . . .

## ንኣባላት እንዳ 72፣ ሒደት ብልጫታት ኣይነፍጎምን ኢየ። ዝስዕብ ፎቶ ኢንፎርመሽን ንመልከት።



ፎቶ 15 ሞቶረ እንዳ 72።

1. እቲ ቆርቆሮ እንዳ ናፍታ፣ ፔርፌክቶ ምስ ከባቢኡ ካሞፍላጅድ ኮይኑ ኣሎ። **A+** ንእንዳ 72 ሃቡለይ።

2. እንዳ 72፣ ብጥንቃቐ ነቲ ሞቶረ ብኣውርኡ ብቕድሚት ወገኑ ከምዝሰኣል ግን ከኣኒ ብመጠኑ ካብ የማናይ ጎድኑ ዕቅን ኣቢሎም ንተዓዛብቲ የዒንቲ ከምዝርአ ብምግባር፣ ቪድዮ ኣልዒሎሞ። ጽቡቕ ናይ ኣሰኣእላ ኣንግላትን መስኮት ናይ ቪድዮን። **A+** ንእንዳ 72 ሃቡለይ።

3. ርእስኻ ንሸነኽ የማናይ ወገን ሞቶረ፣ ዝጠወኻ እንተጠወኻ፣ ኣብ ቅድሚት ወገን ናይ የማን፣ ካብ ቆርቆሮ ሓሊፍካ ክትርዮ ትኽእል ኣካል የለን። ብጣዕሚ ጽቡቕ ምሕባእ። ኣብ ምሕባእ ዝወጾም የብሎምን። **A+** ንእንዳ 72 ሃቡለይ።

ምሉእ ብምሉእ፣ የማናይ ወገን ናይዚ ሞቶረ ክርእይዎ ዕድል ዝረኸቡ፣ እዞም ኣብ ድሕረ ባይታ ዘለዉ ኣርባዕተ ንኣምሰሉነት ክዳውንቲ በታኻት ለቢሶም ዘለዉ፣ ኣባላት እንዳ 72 ኢዮም። ሓሙሻዮም ኣልዓሊ ቪድዮ።

## መጠቓለሊ ኮሜዲ ባዶ ሰልሰተ።

ከምቲ ዝራኣናዮ፡ ኣባላት እንዳ 72፡ ብናይ ሳልሳይ ዓለም ኣተሓሳስባ፡ ኣብ ልዕሊ ሓደ ዘመናዊ ቴክኖሎጂ ናይ ጀት ኤንጂን፡ ቆርቆሮ ወዲ ቆርቆሮ ናይ እንዳ ናፍታ ለጣጢፎም ኢዮም፡ ንህዝቢ ኤርትራ ኣደናጊሮሞ ዝጸንሑ። ኣብ ጁን 6፡ 1998፡ ብዶሽካ ተሃሪማ ዝወደቐት MiG Fighter Bomber ናይ ኢትዮጵያ ፈጺማ ከምዘየላ፡ ሻለቃ በዛብህ ጴጥሮስ'ውን ኣብ ምድሪ ኤርትራ ፈጺሙ ንኻልኣይ ግዜ ከምዘይተማረኸ፡ ቆርቆሮ እንዳ ናፍታ PHYSICAL PROOF ኢዩ።

ናይ እንዳ 72 ቆርቆሮ እንዳ ናፍታ ኣብ J86-GE-21፡ ካብ ናይ ቻርለስ ቻፕሊን ሞደርን ታይምስ ዘይፍለ ጆክ ኢዩ። እቲ ካብ ቲቪ ኤረ ዝተወስደ፡ ናይ Associated Press ቪድዮ፡ ካብ ናይ ኖርዝ ኣሜሪካ፡ ሰሙናዊ ፕሮግራም ቲቪ America's Most Funniest Video ዝፍለ ኣይኮነን።

ጀት ኤንጅን፡ ብጠፋዓዮ ጠፋዓዮ ቆርቆሮ እንዳ ናፍታ ኣይቆውምን ኢዩ። ኩሎም ኣካላት ተዋጋኢት ጀት፡ ብባህሪኦም ስነ ሞጎት ዝሓለዉን ስነ ፍልጠት ዘማልኡን ልዑል ደረጃ ሰይፍቲ ዘማልኡን ኢዮም።

ኮሜዲ ባዶ ሰለስተ ኣብቅዐ። ዝቕጽል ዕማምና፡ ናብ ሶቬት ሕብረት ናይ ስራሕ ዑደት ክንፍጽም ኢና። ኣብ ሶቬት ሕብረት በጺሕና፡ ሚግ 21ን ሞቶረ R-25-300ን ኢንቨስቲገይት ክንገብሮም ኢና። ኣብኡ'ኸ እንዳ 72 ከመይ'ኮን ክጸንሑና ይኾኑ?

ኣብ ሶቬት የራኽበና።

**ይቕጽል ናብ . . . . . ፍሉይ ሕታም፡ ሓድሽ ዓመት፡ 2017 2ይ ክፋል / ነጥቢ ኣርባዕተ**

# ፍሉይ ሕታም

**ዋላ ሓንቲ፡ ስክፍታ ኣይነበረናን. . . ናይ ብሓቂ፡ ነጻ ዝኾንና እናኣሸቱ ነብሲታት ኢና ዝነበርና።**

---

# <u>የእዱግ ኢዮም ክብሉና ጸኒሖም</u>።

# <u>ቴክኒካዊ ዛዕባ</u>

**ሓድሽ ዓመት፡ 2017**
**2ይ ክፋል / ኮሜዲ ባዶ ሰለስተ**

**<u>መሰጋገሪ</u>**
**ከመይ ቀኒኹም።**

**የእዱግ ኢዮም ክብሉና ጸኒሖም፡ ቴክኒካዊ ዛዕባ፡ ፍሉይ ሕታም፡ ሓድሽ ዓመት፡ 2017፡ 2ይ ክፋል/ ነጥቢ ሓደ . . . / ነጥቢ ክልተ፡ ተኸታቲልና። ግርም፡ ቀጺልና 2ይ ክፋል / ኮሜዲ ባዶ ሰለስተ ክንምልከት ኢና። ኣብዚ ናይ ሎሚ ክልተ ፊልምታት ኮሜዲ ሒዘልኩም መጺአ ኣለኹ።**

**<u>ኣብዚ ደኩመንት ዘለዉ ኣርእስትታት</u>**

**1.1 ኮሜዲ ቻርለስ ቻፕሊን።**
**1.2 ኮሜዲ እንዳ 72።**
**1.3 ቆርቆሮ እንዳ ናፍታ ናይ ትራክ፡ ኣብ J85-GE-21 እንታይ ኣግነዮ?**
**1.4 ጀት ፊወል፡ ኣብ ተዋጋኢት ጀት ኣበይ ይቕመጥ?**
**1.5 ባዕሉ ዝላሓም ጀሪካን ጀት ፊወል።**

## 1.1 ኮሜዲ ቻርለስ ቻፕሊን።



ፎቶ 1 Charles Chaplin in Modern Times

ሻለቃ በዛብህ ጴጥሮስ፡ ኣብ ኤርትራ ካልኣይ ግዜ ተማሪኹ ዝብል ስለያዊ ስርሒት፡ ከም ብሓቂ ዝተፈጸመ ተረኺቦ፡ ንህዝቢ ኤርትራ ንኸእምኑ፡ እንዳ 72 ዝተዋስእዎ ኮሜዲ ከርእየኩም ኢየ። እቲ ኮሜዲ እንዳ 72፡ ብጠፉዕ ጠፉዕ ዝቖመ ቆርቆሮ እንዳ ናፍታ ናይ ትራክ ምስ ዘመናዊ ጀት ኤንጅን ኣተኣሳሲሩ ዘርኢ፡ ጉዳም ዝኾነ ኮሜዲ ኢዩ። እቲ ጉዳም ኮሜዲ እንዳ 72፡ ካልእ ፋኒ ዝኾነት ፊልም ኮሜዲ ኣዘኻኺሩኒ።

እታ ፊልም ኣርእስታ፡ Charles Chaplin in Modern Times ዝብል'ዩ። ፎቶ 1። እታ ፊልም፡ "Modern Times": A Story of industry, of individual interprise - humanity crusading in the pursuit of happiness. ዝብል መእትዊ ይርከባ። ብሓፈሽኡ እታ ኮሜዲ: ንደቂ

ሰባት ደስታ ከምጽኣሎም ዝተገመተ ጠገለ ዘይብሉ፡ ዘመናዊ ቴክኖሎጂ፡ ብግምጥልሹ ኣብ ልዕሊ ደቂ ሰባት ዘይተኣደነ ኣሽካዕላል ከወርድ ከሎ ተርእየና።



ፎቶ 2 ብጠገለ ዘይብሉ ዘመናዊ ቴክኖሎጂ፡ ልዕሊ ዓቕሞም ዝተመጠጡ ሸቃሎ፡ ኣብ ሞደርን ታይምስ። ቻርለስ ቻፕሊን፡ 2ይ ካብ ጸጋም'ዩ ዘሎ'ዩ።

Modern Times፡ ምስቲ ኮሜዲ ኣልግብ ኣቢላ፡ ነቲ ደርባዊ ግርጭት ኣብ መንጎ ላዕለዋይን ታሕተዋይን ደርብታት ተርእየና። ኣብታ ፊልም፡ ክቱር ሃርገፍገፍ ርእሰ ማላውያን፡ ኣብ ልዕሊ ሸቃሎ ናይ ሓደ ፋብሪካ ዘስዕቦ ፋኒ ዝኾነ ተብተባት ተርእየና። ፎቶ 2። ኣብታ ኮሜዲ፡ ናይቲ ፋብሪካ ሸቃሎ፡ ምስ ሓደ ጠገለ ዘይብሉ ኣዚዩ ፈጣን ዝኾነ ማሺን ናይ ዘመናዊ ቴክኖሎጂ፡ ብዓቕሚ ማዕሪኡ ምኻድ ሓርቢ.ትዎም፡ ምትዕጽጻፍ ክስእኑ ከለዉ ንርኢ። ኣናእሽቱ ደቀ'ስመራ ኮለና፡ ኣብ YMCA ኣስመራ ዝራኣናያ ፊልም ናይ ቻርለስ ቻፕሊን ኢያ ዘዘንትወልኩም ዘለኹ።


ኣብቲ ናይ ሽዑ መዋእል ንእስነትና፡ ንሕና እቶም ሓሸኻ ደቀ'ስመራ ይርዳኣና ኔሩ፡ ኣይብልን'የ ትርጉም ናይ ደርባዊ ግርጭት። ናይ ሃርጋፋን ንጉሰ ንገስት ኢሳያስ ኣፈወርቂ፡ ኣብ መንገድና ኮነ ኣብ ቀልብና ፈጺሙ ኣይነበረን። ዋላ ሓንቲ፡ ስክፍታ ኣይነበረናን . . . ናይ ብሓቂ፡ ነጻ ዝኾንና እናኣሽቱ ነብሲታት ኢና ዝነበርና። ከምዚ ሎሚ ከይኮነ፡ መሳኪን ቆልዑት ኤርትራ፡ ካብ ኣባይቶም ተተምዝሒቖም ንበረኻ።

ክቡር ኣቶ ቻርለስ ቻፕሊን፡ ብሰሪ'ቲ ኣብ ፊልምታቶም ወትሩ ዘንጸባርቖዎ ዝነበሩ፡ ትሕዝቶታት ናይ ደርባዊ ግርጭትታት ኣብ መንጎ ወጻዕን ተወጻዕን፡ በቶም ናይ ኣሜሪካ ናይ ካፒታሊዝም ኤሊታት ስለዝተኾነኑ፡ ኣሜርካ ለቒቖም፡ ናብ ኤውሮጳ ንስደት ኣምርሑ። ናብ ኣሜርካ ከይተምልሱ ድማኒ ኣብ ስደት፡ ኣብ ስዊዘርላንድ፡ ኣብ ዲሰምበር 25፡ 1975 ካብዛ ዓለም ብሞት ተፈልዩ።

እታ ኮሜዲ ናይ ቻርለስ፡ ብሕጽር ዝበለ ምርኢት ርኢናያ። ካብዚ ቀጺሉ ኮሜዲ እንዳ 72 ባዕልኹም ክትርእይዎ፡ ናብ ከባቢ ኣየርፖርት ኣስመራ ሒዘኩም ክኸይድ'የ።

## <u>1.2 ኮሜዲ እንዳ 72</u>።

ብኣንጻር ዝራኣናዮ ናይ ቻርለስ ቻፕሊን ኮሜዲ ማለት ቴክኖሎጂ ተጻርሮ ኣዳማውቲ፡ ናይ እንዳ 72 ኮሜዲ፡ ሰባት ተጻርሮ ቴክኖሎጂ ክንዕዘብ ኢና። ከምዚ ኣብ ታሕቲ ቀሪቡ ዘሎ ፎቶ ኢንፎርመሽን፡ ብኣተሓሳስብኦም ጠገለ ዘይብሎም እንዳ 72፡ ንሓደ ናይ ኣሜሪካ ትካል ዘፍረዮ፡ ብባህሪኡ ፐርፈክት ክኸውን ዝግብኦ ዘመናዊ ቴክኖሎጂ ናይ ጀት ኤንጅን ብዘይኣገባብ ብእዝኑ ክንጠልጥልዎ ከለዉ ንተዓዘብ።





ፎቶ 3
ባዓድውያን ኣካላት ኣብ J86-GE-21።

ኣብዚ ፎቶ ዘለው፡ 1. ብክቢ ተምልኪቱ ዘሎ፡ ናይ እንዳ ናፍታ፡ ኤለክትሮኒካዊ ኣካልን መጸዪ ቱቦን መስኩዒ ኣካል ከምኡ'ውን 3. መኽደን መምልኢ ናፍታ (Fuel Filling Cap) ምስቶም ኣብ ፎቶ 4 ወይ ፎቶ 5 ዘለው ኣካላት እንዳ ናፍታ ኣነጻጽርዎም።




ፎቶ 4 እንዳ ናፍታ ናይ ትራክ



ፎቶ 5 እንዳ ናፍታ ናይ ትራክ

እንዳ ናፍታ ናይ ትራክ። እንዳ 72፡ ኣብ የማናይ ጎኒ ናይ J85-GE-21፡ ኣልግብ ዘበልዎ ቆርቆሮ እንዳ ናፍታ፡ ከይተተርብዐ ከሎ ከመይ ይመስል ከምዝነበረ፡ ዘርእዩ ኣብነታውያን ኣሳእል።

## 1.3 ቆርቆሮ እንዳ ናፍታ ናይ ትራክ፡ኣብ J85-GE-21 እንታይ ኣግነዮ?

ብጣዕሚ ዘገርም'ዩ፡ ስርሖም ዘበለ እንዳ 72። ቆርቆሮ እንዳ ናፍታ፡ ኣብ ጀት ኤንጅን እንታይ ክገብር መጺኡ? ከምቲ ኣብ ሞደርን ታይምስ፡ ሽቃሎ ኣብ ጎኒ ኮንቨይር በልት ተሰሪዖም፡ ነቲ ሸኮርተት እናበለ ዝመጾም ሓጺነ መጺን፡ ብዘይልቦም ጠፉዕ ጠፉዕ ከብልዎ ከለዉ ንዕዘቦም፡ ኣብዚ ኮሜዲ እንዳ 72፡ እቶም ኣባላት ስለያ ንሓደ ገረወኛ ጠፉዕ ጠፉዕ ኣቢሎም ናብ ቆርቆሮ ድሕሪ ምቕያር፡ ኣብ ጎኒ J85-GE-21 ኣልግብ ኣቢሎሞ ከምዘለዉ ንዕዘቦም። ኣባላት እንዳ 72፡ ከም ቻርለስ ቻፕሊን፡ ፕሮፌሽናል ኣክተራት ኣይኮኑን። ስፓይ ማስተርስ ኢ.ልካ ክትጽውዖም'ውን የጸግም። ከመይ'ሲ ኣተሓሳስብኦም ክትመዝኖ ኮለኻ ጠገለ ዘይብሎም ኮይኖም ይጸንሑኻ።

ኣብ ታሕቲ ይቕጽል . . .



ፎቶ 6 ከም መንጉዳ ናይ ዝሰወደ ዝራብዕ፡ ኳዕኒኑ ዝርአ
ባዕዳዊ ቆርቆሮ ኣብ J85-GE-21።

## ስርሒት ቆርቆሮ እንዳ 72።

1. መጀመርታ እንዳ 72፡ እንዳ ናፍታ ናይ ትራክ፡ ካብ ትራክ ኣውሪዶም፡ ነቲ እንዳ ናፍታ ንስርሒት ከምዝዳሎ ገበሩ።

2. ነቲ እንዳ ናፍታ ካብ ላዕሊ ንታሕቲ፡ ብመቑረጫ ሓጺን ተርቢዖሞ።

3. ድሓር ነቲ እንዳ ናፍታ፡ ጀሪካናዊ ቅርጺ ንኸጥፍእ፡ ብማርቴሎ ሃራሪሞ ጽፍሕፍሕ ዝበለ ቆርቆሮ ከምዝኸውን ገበርዎ።

4. ጽፍሕፍሕ ዝበለ ቆርቆሮ፡ ኣብ  የማናይ ጎኒ J85-GE-21 ኣልግብ ኣቢሎም ቪድዮ ኣልዓልዎ።

ኣብ ፎቶ 6 ንርእዮ ዘሎና፡ ብቐይሕ ለዋይ ሕንጻጽ ጎሊሑ ዝረአ ዘሎ፡ ኣብ ጎኒ J85-GE-21 ልግብ ኢሉ ዘሎ ባዕዳዊ ቆርቆሮ ከምኡ'ውን

መኸደን መምልኢ ናፍታ (Fuel Filling Cap)፡ PHYSICAL PROOF ናይ ህላውነት ሽፈጣዊ ስራሕ (Fake Job) ስራሕ እንዳ 72 ኢዩ።

ካብዚ ብጠፋዕ ጠፋዕ ዝቐመ ቆርቆሮ፡ እንዳ 72 ንባዕላቶም ፍጹም ኣመት ቴክኖሎጂ ከምዘይብሎም ኢና ንዕዘብ። ዝበኣሰ ግን እንዳ 72፡ ንህዝቢ ኤርትራ ፈጺሙ ክሓስብ ዘይክእል ገረወኛ ጌሮም ስለዝቖጸርዎ፡ ቆርቆሮ ተጠቒሞም ኢዮም ነቲ ሽፈጣዊ ስራሕ ናይ ምድንጋር ዘካይድዎ። ሓቃቶም ከኣ'ዮም፡ ንህዝቢ ኤርትራ ገረወኛ ጌሮም ክቖጹርዎ። ዑብታታት፡ ዝበሉ እንተበሉ፡ ክሳብ ሕጂ ዝኣምኖም ሰብ ስኢኖም ኣይፈልጡን'ዮም። ኣሃእ! . . . ስጋኻ'ለ ሓወይ ጌረሱስ! . . . ኮማንዶ፡ ኣብ ውሽጢ ኣየርፖርት ኣስመራ ኣቲዮም፡ ብባዙቓታት 30 ነፈርቲ ሓምሺሾም. . . ኣስዕብ ኣቢሎም ድሕሪ ክልተ ዓመት ኣብ 1986፡ ሕጂ ድማኒ ካልእ ዜና፡ ኮማንዶ 40 ነፈርቲ ሓምሺሾም። ናይ ሓወይ ጌረሱስ ዑብታታት፡ ካብዚ ዝተዓዘብናዮ ናይ ቆርቆሮ ጠገለ ዘይብሉ ሽፈጥ ዝፍለ ኣይኮነን። ንሓወይ ጌረሱስ ገዲፍና፡ ደቀባተይ ናብ ቴክኖሎጂና ንመለስ።

## 1.4 ጀት ፊወል፡ ኣብ ተዋጋኢት ጀት ኣበይ ይቕመጥ?

ካብዚ ቀጺሉ ጀት ፊወል፡ ኣብ ተዋጋኢት ጀት ኣበይ ከምዝቕመጥ ከርእይየኩም ኢየ።

1. ጀት ፊወል፡ ከም ናይ መካይን ኣብ እንዳ ናፍታ ናይ ትራክ ወይ ኣብ ሓደ በርሚል ኣይቕመጥን'ዩ። ጀት ፊወል፡ ንሰይፍቲ ኣብ ብዙሓት ነንኣሽቱ ጀሪካናት ኢዩ ዝቕመጥ።

2. እዞም ነንኣሽቱ ጀሪካናት ናይ ጀት ፊወል፡ ካብቲ እቶን ዝኾነ ካምባስሽን ቻምበር ብግቡእ ምሕድግ ክብሉ ኣለዎም። ፎቶ 7።

3. ጀት ፊወል፡ ብቐጠንቲ ናይ ኣሉሚኒዩም ቱቦታት ጌሩ፡ ካብቶም ምሕድግ ዝበሉ ነንእሽቱ ጀሪካናት ናብ ውሽጢ ካምባስሽን ቻምበር ብምብጻሕ፡ ኣብ ካምባስሽን ቻምበር ምስ ኣየር ተሓዋዊሱ ከምዝቃጸል ይግበር።

**ጆት ፊወል፡ ብተመሳሳሊ ኣገባብ ካብቶም ነንእሽቱ ጆሪካናት፡ ብቐጠንቲ ናይ ኣሉሚኒዩም ቱቦታት ጌሩ ናብ ሪኪያሞ ናይ ኣፍተርበርነር ብምብጻሕ፡ ኣብ ኣፍተርበርነር ይቃጸል።** **(ቴክኒካዊ ዛዕባ 2ይ ክፋል / ነጥቢ ክልተ፡ ብዛዕባ ኣፍተርንበርነርን ሪኪያሞን ተወከስ)።**




ፎቶ 7 ጆት ፊወል፡ ኣብ ብዙሓት ነንኣሽቱ ዝተፈላለዩ ጆሪካናት ኢዩ ዝቕመጥ።

## 1.5 ባዕሉ ዝላሓም ጆሪካን ጆት ፊወል።


**እዞም ቀያሕቲ ነንኣሽቱ ጆሪካናት ናይ ጆት ፊወል፡ እታ ተዋጋኢት ጆት እናደብደበት ከላ፡ ብናይ ጸላኢ ናይ ጸረ ነፈርቲ ዱሽካ ጠያይቲ ተሃሪሞም እንተተበሲዖም፡ እቶም ዝተበስዑ ጆሪካናት፡ ባዕላቶም ነቶም ነኈላት ይዓብስዎም እሞኒ ነቶም ትኒኒን ኢሎም ክካዓዉ ዝጀመሩ ጆት ፊወል ቅጽበታዊ ደው ከምዝብሉ ይገብርዎም። ከምዚ ዓይነት ጆሪካን፡ ባዕሉ ዝላሓም ጆሪካን ወይም SELF SEALING TANK ተባሂሉ ይጽዋዕ።**

ባዕሎም ዝላሓሙ ጀሪካናት፡ መናድቖም ካብ ሜታልስ (Metals) ዘይኮነስ ካብ ቀጸላታት ናይ ጎማታትን ዓለባን ኢዮም ዝፍብረኹ።

1ይ ቀጸላ፡ ርቕቕ ዝበለ ድሩኽ ዝኾነ ጎማ ኢዩ። ፎቶ 8።
እዚ ድሩኽ ዝኾነ ጎማ፡ ከምቲ ንቡር፡ ነቲ ጀት ፌወል ዘዕቁር ኮንተይነር ኢዩ።


2ይ ቀጸላ፡ ሮጕድ፡ ሓውሲ ልምልም ዝበለ፡ ስፐሽል ፎኾኽታዊ ጎማ ኢዩ።
እዚ ስፐሺያል ፎኾኽታዊ ጎማ፡ ብጀት ፌወል እንድሕሪ ጠልቂዩ፡ ቅጽበትዊ ፎኾኽ ኢሉ ዝንፋሕ ዓይነት ጎማ ኢዩ።

3ይ ቀጸላ፡ ካብ ዓለባታት ዝተሰርሐ፡ ትርር ዝበለ ደርዒ ኢዩ።
ነቲ ሓውሲ ልምልም ዝበለ ስፐሺያል ፎኾኽታዊ ጎማ ናይ 2ይ ቀጸላ፡ ከም ቺሮቶ (Scotch Tape) ኣብ ቦትኡ ጸቒጡ ዝሕዝ ትርር ዝበለ፡ ካብ ዓለባ ዝተሰሐ ደርዒ'ዩ።





ፎቶ 8 ቀጸላታት፡ ባዕሉ ዝላሓም ጀሪካን።


**መናድቕ ጀሪካን፡ ብጠያይቲ ናይ ዶሽካ እንተተበሲዑ፡ ጀት ፌወል ተኻዕዩ ነቲ ፎኾኽታዊ ጎማ ምስኣጠልቐዮ፡ እቲ ፎኾኽታዊ ጎማ ቅጽበታዊ ፎኾኽ ኢሉ፡ ተነፊሑ ነቶም ዝተበስዑ ነኻላት ባዕሉ ከምዝዕበሱ ይገብሮም እሞኒ ነታ ጀት ካብ ምኽዓዋት ጀት ፌወል ክመጻ ዝኽእል ናይ ባርዓት ሓደጋ ከምትድሕን ይገብራ ወይ ሞቶረታት ጀት ፌወል ወዲኦም ጠጠው ከይብሉ የድሕኖም። መስርሕ ምልሓም ንምዕዛብ፡ ፎቶ 9፡ ስእሊ 1፡ 2፡ 3፡ 4 ተመልከቱ።**




ስእሊ 1 ጀሪካን፡ ብጠይት ዶሽካ ይብሳዕ።



ስእሊ 2 ጀት ፌወል ብብሳዕ ክፈስስ ይጅምር።



ስእሊ 3 ጀት ፊወል ፈሲሱ፡ ነቲ ስፐሺያል ፎኾኽታዊ ጎማ ከጠልቅዮ ይጅምር። ዝጠልቀየ ስፐሺያል ፎኾኽታዊ ጎማ፡ ቅጽበታዊ ፎኾኽ ኢሉ ክንፋሕ ይጅምር።



ስእሊ 4 ስፐሺያል ፎኾኽታዊ ጎማ፡ ፎኾኽ ኢሉ፡ ነቲ ብሳዕ ምሉእ ብምሉእ ይዓብሶ።

**ፎቶ 9 ባዕሉ ዝላሓም ጀሪካን (SELF SEALING TANK) ኣብ መስርሕ ምልሓም ብሳዕ ጀሪካን።**

**እዞም ዝስዕቡ ፎቶታት፡ ናይ ጀት ፊወል መመልኢ ፖርት፡ ኣብ ተዋጋኢት ጀት ዘርእዩ ፎቶታት ኢዮም።**







**ፎቶ 10 (ላዕለዋይ)፡ ፎቶ 11 (ታሕታይ) ምስኳዕ ኣምላኢ ኖዝል፡ ናብ ተቐባሊ ኖዝል።**

## <u>ምምላእ ጀት ፊወል፡ ኣብ ተዋጋእቲ ጀታት</u>።

1. ኣብ ተዋጋእቲ ጀታት፡ ምምላእ ጀት ፊወል ኤልክትሮኒካዊ ኢዩ። [ፎቶ 10፡ 11፡ 12]።

2. ናይ ጀት ፊወል ኣምላኢ ኖዝል፡ ናብ ተቐባሊ ኖዝል ናይ ተዋኢት ጀት ትስኩዖ። ኣምላኢ ኖዝል፡ ክልተ ኣቕራን ብምጽ ቃጥ ምስ ተቐባሊ ኖዝል ገጥ ኢሉ ከምዝገጥም ተገብሮ።

3. ድሕሪ ምግጣም፡ ኤለክት ሮኒካዊ መላኢ መልጎም ኦን ትገብሮ።


4. ኩሎም ጀሪካናት ጀት ፊወል ምስ መልኡ፡ መላኢ መልጎም ብኣውቶማቲክ ኦፍ ይኸውን።

5. ምምልእ ምስተወድአ፡ ክልተ ኣቕራን ብምጽቃጥ፡ መላኢ ኖዝል ካብ ተቐባሊ ኖዝል ተላቕቖ።



[ፎቶ 12] ምስኳዕ ኣምላኢ ኖዝል፡ ናብ ተቐባሊ ኖዝል።

ኣብ ታሕቲ ይቕጽል . . .




ፎቶ 13 እንዳ 72 ጠገለ ዘይብሎም ሰባት ም'ኳኖም ካበዚ ቀሪቡ ዘሎ ዲያግራም ክንዕዘቦም ንኽእል። ኣብቲ እቶን ዝኾነ ካምባስሽን ቻምበር፡ መምልኢ ናፍታ'ስ እንታይ ኣግነዮ?

ከምቲ ስርሒት ናይ እንዳ 72፡ ብጠፋዕ ጠፋዕ ዝቖመ ቆርቆሮ፡ ኣብ J86-GE-21 ኣልግብ ምባል ከምኡ'ውን ህላወ መ'ኽደን መምልኢ ናፍታ ኣብቲ እቶን ዝኾነ ቆፎ ካምባስሽን ቻምበር፡ ምስ ወድዒ ሞቶረ ጀት ፈጺሞም ዘይቃደዉ ኢዮም። ካምባስሽን ቻምበር፡ ጀት ፊወል ምስ ኣየር ተሓዋዊሶም፡ ዝቃጸልሉ ቆፎ ኢዩ። ጀት ፊወልን ኣየርን ኣብ ካምባስሽን ቻምበር ምስተቓጸሉ፡ High Pressure of Hot Gases ይፍጠሩ። ፎቶ 13።

እዞም High Pressure of Hot Gases፡ በቲ ኣብ ድሕሪት ሞቶረ ዘሎ ቱቦ መውጽኢ ሓይሊ ቃጸሎ (EXHAUST NOZZLE)፡ ብጻዕቂ ክወጹ ከለዉ ድፍኢት ፈጢሮም፡ ነታ ጀት ንቕድሚት ከምትውርወር ይገብርዋ። ኣብ ፊዝክስ፡ እዞም ብድሕሪት ሞቶረ ዝወጹ ውዑይ

ጋዛት፡ ዘስዕብዎ ነታ ጀት ንቕድሚት ናይ ምውርዋር ሓይሊ፡ ናይ ኒውቶን፡ 3ይ ሕጊ ናይ ምንቅስቓስ ተባሂሉ ይጽዋዕ።




ዲያግራም 14 ናይ ኒውቶን፡ 3ይ ሕጊ ናይ ምንቅስቓስ

ኣብቲ High Pressure of Hot Gases ዝፍጠረሉ፡ እቶን ዝኾነ ካምባስሽን ቻምበር፡ መምልኢ ናፍታ ክህሉ ፈጺሙ ኢተግባራዊ ኢዩ። እወ፡ ኢሳያስ ኣፈወርቂ ኣብ ሳሕል ዘሰልጠኖም ኣባላት እንዳ 72፡ ኣብ ወጻኢ ሃገራት፡ ንኤርትራውያን ወይ ንመራሕቲ ናይ ተቓውሞ ውድባት ናይ ኤርትራ ተጻናቲኻ፡ ከመይ ጌርካ ከምትቐትሎም ልዑል ፍልጠት ዘለዎም ኢዮም። ኮይኑ ግን እቶም ኣባላት ስለያ፡ ኣብ ካምባስሽን ቻምበር ናይ J86-GE-21፡ ኣልግብ ኣቢሎሞ ዘሎ ዘለዉ ቆርቆሮን መኽደን መምልኢ ናፍታን፡ ናይ ጀት ኤንጅን ሲስተም ፈጺሞም ዘይፈልጡ ደናቁር ምኳኖም የመልክት።

ኣብ ታሕቲ ይቕጽል . . .

## ንኣባላት እንዳ 72፡ ሒደት ብልጫታት ኣይነፍጎምን ኢየ። ዝስዕብ ፎቶ ኢንፎርመሽን ንመልከት።



ፎቶ 15 ሞቶረ እንዳ 72።

1. እቲ ቆርቆሮ እንዳ ናፍታ፡ ፔርፌክቶ ምስ ከባቢኡ ካሞፍላጅድ ኮይኑ ኣሎ። A+ ንእንዳ 72 ሃቡለይ።

2. እንዳ 72፡ ብጥንቃቐ ነቲ ሞቶረ ብኣውርኡ ብቕድሚት ወገኑ ከምዝሰኣል ግን ከኣኒ ብመጠኑ ካብ የማናይ ጎድኑ ዕቅን ኣቢሎም ንተዓዛብቲ የዒንቲ ከምዝርአ ብምግባር፡ ቪድዮ ኣልዒሎሞ። ጽቡቕ ናይ ኣሰኣእላ ኣንግላትን መስኮት ናይ ቪድዮን። A+ ንእንዳ 72 ሃቡለይ።

3. ርእስኻ ንሸነኽ የማናይ ወገን ሞቶረ፡ ዝጠወኻ እንተጠወኻ፡ ኣብ ቅድሚት ወገን ናይ የማን፡ ካብ ቆርቆሮ ሓሊፍካ ክትርዮ ትኽእል ኣካል የለን። ብጣዕሚ ጽቡቕ ምሕባእ። ኣብ ምሕባእ ዝወጸም የብሎምን። A+ ንእንዳ 72 ሃቡለይ።

ምሉእ ብምሉእ፡ የማናይ ወገን ናይዚ ሞቶረ ክርእይዎ ዕድል ዝረኸቡ፡ እዞም ኣብ ድሕረ ባይታ ዘለዉ ኣርባዕተ ንኣምሰሉነት ክዳውንቲ በታኻት ለቢሶም ዘለዉ፡ ኣባላት እንዳ 72 ኢዮም። ሓሙሻዮም ኣልዓሊ ቪድዮ።

## መጠቓለሊ ኮሜዲ ባዶ ሰልሰተ።

ከምቲ ዝራኣናዮ፡ ኣባላት እንዳ 72፡ ብናይ ሳልሳይ ዓለም ኣተሓሳስባ፡ ኣብ ልዕሊ ሓደ ዘመናዊ ቴክኖሎጂ ናይ ጀት ኤንጂን፡ ቆርቆሮ ወዲ ቆርቆሮ ናይ እንዳ ናፍታ ለጣጢፎም ኢዮም፡ ንህዝቢ ኤርትራ ኣደናጊሮሞ ዝጸንሑ። ኣብ ጁን 6፡ 1998፡ ብዶሽካ ተሃሪማ ዝወደቐት MiG Fighter Bomber ናይ ኢትዮጵያ ፊጺማ ከምዘየላ፡ ሻለቃ በዛብህ ጴጥሮስ'ውን ኣብ ምድሪ ኤርትራ ፊጺሙ ንኻልኣይ ግዜ ከምዘይተማረኸ፡ ቆርቆሮ እንዳ ናፍታ PHYSICAL PROOF ኢዩ።

ናይ እንዳ 72 ቆርቆሮ እንዳ ናፍታ ኣብ J86-GE-21፡ ካብ ናይ ቻርለስ ቻፕሊን ሞደርን ታይምስ ዘይፍለ ጆክ ኢዩ። እቲ ካብ ቲቪ ኤረ ዝተወስደ፡ ናይ Associated Press ቪድዮ፡ ካብ ናይ ኖርዝ ኣሜሪካ፡ ሰሙናዊ ፕሮግራም ቲቪ America's Most Funniest Video ዝፍለ ኣይኮነን።

ጀት ኤንጅን፡ ብጠፋዓዮ ጠፋዓዮ ቆርቆሮ እንዳ ናፍታ ኣይቆውምን ኢዩ። ኩሎም ኣካላት ተዋጋኢት ጀት፡ ብባህሪኦም ስነ ሞጎት ዝሓለዉን ስነ ፍልጠት ዘማልኡን ልዑል ደረጃ ሰይፍቲ ዘማልኡን ኢዮም።

ኮሜዲ ባዶ ሰለስተ ኣብቅዐ። ዝቕጽል ዕማምና፡ ናብ ሶቬት ሕብረት ናይ ስራሕ ዑደት ክንፍጽም ኢና። ኣብ ሶቬት ሕብረት በጺሕና፡ ሚግ 21ን ሞቶረ R-25-300ን ኢንቨስቲገይት ክንገብሮም ኢና። ኣብኡ'ኸ እንዳ 72 ከመይ'ኮን ክጸንሑና ይኾኑ?

ኣብ ሶቬት የራኽበና።

ይቕጽል ናብ . . . . . ፍሉይ ሕታም፡ ሓድሽ ዓመት፡ 2017 2ይ ክፋል / ነጥቢ ኣርባዕተ